# NO MORE DOMESTIC VIOLENCE

# ዘቤታዊ ዓመጽ
## ሓበሬታ፣ ደገፍን ኣገልግሎትን ኢስልንግተን

## ዘቤታዊ ዓመጽ የጋጥመኩም እንተልዩ፡ ስቕ ኢልኩም ኣይትሳቐዩ።

ሓበሬታ፣ ምኽርን ደገፍን ወይ መዕቆቢ ህጹጽ ኩነታት ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ደውሉ፤

**ናይ 24 ሰዓት ናይ ናጻ መስመር ተሌፎን ሃገራዊ ዘቤታዊ ዓመጽ፥**
**0808 2000 247**

ንመምርሒ ብጥንቃቐ ተጠቐምሉ - ነዛ ንእሽቶ-ጽሑፍቲ ኣበይ ከምእተቐምጥዋ፣ ዘቐምጠልኩም ሰብ እንተሃልዩ ንምርኣይን ኣብ እተንብብዋ እዋን ድማ ብኸመይ ገዛእ-ርእስኹም ውሑሳት ከምእትገብሩን ሕሰቡ።

### ኣብ ህጹጽ ኩነታት፥ ኩሉ ግዜ 999 ደውሉ።

### ብእትፈልጥዎ ወይ ምሳኹም ብዝነብር ሰብ ትፈርሁ ዲኹም?

ብመጻምድትኹም ሓንሳእ ጥራይ ተዓሚጽኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ድማ ተዓሚጽኩም ከለኹም ንዓመታት ስቕ ኢልኩም ትነብሩ ክትህልው ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ቀረባኹም ዝነብር፣ ምሳኹም ዝሰርሕ ወይ እትፈልጥዎ ሰብ ድማ ዘቤታዊ ዓመጽ የጋጥሞ ይህሉ እዩ።

እዚ መምርሒ'ዚ፡ ንዓኹም ኣብ ከገድሱ ዝኽእሉ ጉዳያት ኣመልኪቱ ገለ ሓበሬታ ይህብ። መብዛሕቶም ግዳያት፡ ደቀንስትዮ እኳ እንተኾኑ፡ እዚ መምርሒ'ዚ፡ ዘቤታዊ ዓመጽ ዘጋጥመኩም ዘሎ ሰበይቲ ኹኑ ሰብኣይ፡ ጠቓሚ ክኸውን'ዩ። ኩሉ ሰብ ኣብ ትሕቲ ሕጊ፡ ሓደ ዓይነት መሰላት ኣለዎ።

ምስ ዘቤታዊ ዓመጽ ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ተግባራት፡ ገበናት እዮም፤ እቲ ገበነኛ፡ ብገበን ተኸሲሱ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ ክረክብ ይኽእል እዩ።

ዘቤታዊ ዓመጽ ግን ብዛዕባ ኣካላዊ ዓመጽ ጥራይ ኣይኮነን። ብብዙሕ ዓይነትን ጉልባብን ዝመጽእ ኮይኑ፡ ንስኹም ድማ ኩሉ ግዜ ብፍርሃት ከምእትነብሩ ይገብር።

ኣብዚ መምርሒን ኣብ ድሕሪት ገጽን ተዘርዚሮም ካብ ዘለው ማሕበራት፡ ተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣብዛ ስዒባ ተጠቒሳ ዘላ ዌብሳይት ቤት ምኽሪ ኢስሊንግተን፡ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም -

www.islington.gov.uk/domesticviolence

## ንምኽርን ሓበሬታን፡ ተሌፎን ደውሉ፤

ሶለስ ውሜንስ ኣይድ፡
···▸ 020 8269 2121

ኢስሊንግተን ቪክትም ሳፖርት፡
···▸ 020 7700 6014

ኢመሰ ተርክሽ ስፒኪንግ ውሜንስ ግሩፕ፡
···▸ 020 7354 1359

ላቲን ኣመሪካንስ ውሜንስ ኣይድ፡
···▸ 020 7275 0321

ኢስሊንግተን ፖሊስ ኮሚኒቲ ሴፍቲ ዩኒት፡
···▸ 020 7421 0385

ሜንስ ኣድቫይስ ላይን ኣንድ ኢንኰይርስ
···▸ 0808 801 0327

ብሮክን ረይንቦው (ንግብረ-ሰዶማዊት፣ ግብረ-ሶዶማዊ፣ ድርብ-ጾታውነትን ግምጡል-ጾታውነትን ዘለዎም ግዳያት)
···▸ 0845 260 4460

ጻውዒት ህጹጽ ኩነታት፡
···▸ 999

ዝያዳ ዝርዝራዊ መምርሒ ንምርካብን መሐበሪ መዝገብ ከባብያውን ሃገራውን ኣገልግሎታት ንምርኣይ፡ ኣብዛ እትስዕብ ዌብሳይት ርኣዩ፤

www.islington.gov.uk/domesticviolence

sip Safer Islington Partnership
METROPOLITAN POLICE Working together for a safer London
LFB LONDON FIRE BRIGADE making London a safer city
Islington NHS Primary Care Trust
ISLINGTON

**ዘክሩ ንበይንኹም ኣይኮንኩምን።**
**ሓገዝ ድማ ይርከብ እዩ።**

## ዘቤታዊ ዓመጽ

**ጾታዊ ዓመጽ**
ምግሳስ፣ ጽዩፍ ጻውዒት ተሌፎን፣ ግዱድ ርሕማዊ ወይ መቐመጫዊ ጾታዊ-ርክብ፣ ጽዩፍ ስእለ-ስጋዊ-ርክብ ክትርኢ ወይ ክትፍጽም ምስግዳድ፣ ብዘቃልል ዓይነት ኣዘራርባ ምስዝዝረበካ፡ ወዘተ።

**ፋይናንሳዊ ዓመጽ**
ገንዘብ ዘይብልካ ከምእትኸውን ምግባር፣ ንወጻኢታት ገንዘብ ብሓላፍነት ከምትስከም ምግባር፣ ክፍሊታት ኣገልግሎት ንኽትከፍል ምስግዳድ፣ ደሞዝካ፡ ረብሓታት ሓገዝ ወይ ክፍሊታት ጡሮታ ንኽትረክብ ምግባር

**ዘጨንቑ ተግባራት**
ዕዘባ ከምዝግበረልካ ምግባር፣ ክትትል ከምዝግበረልካ ምግባር፣ ከምእትጭነቕ ምግባር፣ ዘየድልዩ ጻውዒታት ተሌፎን/ደብዳቤታት ከምዝስደደልካ ምግባር፣ ምፍርራህ ወዘተ።

**ኣካላዊ ዓመጽ**
ማህረምቲ፣ ጉስጢ፣ ምጽፋዕ፣ ምንካስ፣ ሓዊ ምቕጻል፣ ምቕላዕ፡ ወዘተ።

**ስምዒታዊ ዓመጽ**
ብቓላት ዓመጽን ውርደትን ምርካብ፣ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት ክብርኻ ከምዝጉድል ምግባር፣ ካብ ቤተሰብን ኣዕሩኽን ከምእትፍለ ምግባር፣ ቀጻሊ ዝኾነ ባጫ ወይ ነቐፌታ ምርካብ፡ ወዘተ

## 1 ንስኻትኩም ስበርዎ

ካብ ዓመጽን ፍርሃትን ናጻ ዝኾነ ህይወት ንኽትነብሩ መሰል ኣለኩም። ነዚዎም ዝስዕቡ ድማ ዘክሩ …

- **ንበይንኹም ኣይኮንኩምን፤** ብቑጽሪ ሓንቲ ካብ ዓሰርተ ኣንስቲ፡ ኣብ ዓመጽ ዝመልኦ ዝምድና ከምዝርከባ፡ መጽናዕቲ የመልክት። ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ፣ ደርቢ ህይወት፣ ዓሌታትን ሃይማኖታትን ዝርከባ ደቀንስትዮ ድማ የጋጥም።
- **ክትነቕፉ የብልኩምን፤** መጻምድትኹም/ገበነኛ፡ ባህርኡ ብኸመይ መንገድታት ከርኢ ከምዘለዎ ናቱ ዝኾነ ምርጫታት ኣለዎ።
- **ንባህሪ መጻምድትኹም ክትቅይሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም፤** ነቲ ገበነኛ እትቕይርሉ እንኮ መንገዲ፡ ጸገም ከምዘለዎ ፈሊጥኩም ሓገዝ ከምዝረክብ ምግባር እዩ።
- **ነዚ ዓመጽ ዕሽሽ እንተልክምዎ፡ ኣብ ሓደጋ ኣለኹም፤** እዚ ዓመጽ፡ ነዊሕ ግዜ ብዝገበሮ መጠን ኣናኸፍአ ዝኸይድ እዩ።
- **ንስኻትኩም ስበርዎ - ኣይትነጸሉ፤** ካብ እትኣምንዎ ሰብ ሓገዝ ርኸቡ ወይ ድማ ንሓንቲ ካብተን ፍሉይ ሓበሬታን ደገፍን ዝህባ ማሕበራት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።
- **ድሕሪ ዓመጽ ዝመልኦ ዝምድናታት፡ ህይወት ኣሎ፤** መብዛሕትኦም ሰባት ብዘይ መጻምድቲ ምንባር ደስ ዘብል ኮይኑ ይረኽብዎ፡ ገሊኦም ድማ ምስቶም ዓመጽቲ መጻምድቲ ከለው ይከኣል እዩ ኢሎም ብፍጹም ዘይኣምንሉ ዝነበሩ፡ ሓድሽ ዝኾነ ናይ ፍቕሪ ዝምድናታት ይምስርቱ።

## 2 ውጥን ድሕነት

ምድላው ውጥን ድሕነት፡ ንኹነታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኩም ከምእትገብርዎ ብዝያዳ ጽቡቕ መታን ክስምዓኩም ክሕግዘኩም ከምኡውን ንገዛእ-ርእስኹምን ደቅኹምን ዝምልከት ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ትብዓት ክህበኩምን እዩ።

**ንድሕነትኩም ዝምልከት ውጥን-ትግባረ ንኽትሕንጽጹ ዝሕግዘኩም ገለ ምኽርታት እንሆ፤**

- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ኣገልግሎታት ደገፍ (ብዘይቆጸራ ዝውሃብ ኣገልግሎት፣ ኣብ ገዛኻ ዝውሃብ ምብጻሕ፣ ምኽሪ፣ መደባት ማዕዳ) ዝምልከት ሓበሬታ ምርካብ
- ንፍጻሜታት ዘቤታዊ ዓመጽ ዝምልከት መዝገብ ምሓዝ
- ተሌፎን (ሞባይል፣ ናይ ጐረቤት፣ ዘመድ ወይ ዓርኪ) ብቕልጡፍን ቐሊልን መንገዲ ክትረኽብሉ እትኽእሉ ቦታ ምፍላጥ
- ናይ ኣዝማድ፣ ኣዕሩኽ፣ ናይ ከባቢኹም መደበር ፖሊስ ዘጠቓልል ዝርዝር ናይ ህጹጽ እዋን መወከሲ ቁጽርታት ተሌፎን ምሳኹም ምሓዝ
- ንህጹጽ ወጻኢታት ኣውቶቡስ፣ ባቡር፣ ታክሲ ወይ መግቢ ከምኡውን ወጻኣኢታት መንበሪ ገዛ፡ ዝኸውን ገለ ገንዘብ ሓዙ
- ተወሳኺ ናይ ገዛ፣ ማዕጾ፣ መኪና መፉትሕ ይሃልኹም
- ንዓኹምን ንደቅኹምን ዝኸውን መፉትሕ፣ ገንዘብን ቅያር ክዳውንትን ዝሓዘ ሳንጣ ብምድላው ምስ እትኣምንዎ ዓርኪ ወይ ዘመድ ከምዝህሉ ግበሩ

**ሓዲግክምዎ ክትወጹ መደብ ምስዝህልወኩም፡ ነዚዎም ዝስዕቡ ክትገብሩ ፈትኑ፤**

- እቲ ገበነኛ ኣብ ከባቢኹም ከምዘየሎ ብምፍላጥ፡ ሓዲግክምዎ ውጹ
- ኩሎም ደቅኹም ምሳኹም ውሰድዎም
- ሕጋውን ፋይናንሳውን ሰነዳት፣ ምስክር ወረቐት መርዓን ልደትን፣ ትእዛዛት ቤት ፍርዲ፣ ካርድታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና፣ ፓስፖርትታት፣ ፍቓድ መምርሒ መኪና፣ መዝገብ ለቓሕ ቆልዑ፣ መዝገብ ኣድራሻ፣ ናይ ባንኪ ደብተር፣ ደብተር ቸክ፣ ክረዲት ካርድ ወዘተ፡ ውሰድዎ
- ውሑድ እትፈትውዎም ውልቃዊ ንብረታት ውሰዱ
- ንቖልዑ ዝኾኑ ምሩጻት ባምቡላታት ውሰዱ
- ንሓያሎ መዓልታት ዝኾኑ ክዳውንቲ ውሰዱ
- ንዓኹም ወይ ንደቅኹም ከድልይዎም ዝኽእሉ ኩሉ ዓይነት መድሃኒት ውሰዱ

## 3 ንፖሊስ ምሕባር

ፖሊስ፡ ንዘቤታዊ ዓመጽ ብኣዝዩ ዕቱብ መንገዲ ይርእን ንድሕነትኩም ድማ ቀዳምነት ይህብን።

ፈጻሚ ዘቤታዊ ዓመጽ ክኽሰሰሎም ዝኽእሉ ሓያሎ ክስታት ኣለው።

**ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት ሓገዝ መታን ክትሓቱ፡ ኩሉ ግዜ 999 ደውሉ።**

ኣብ ካልእ እዋናት ድማ በዚ ዝስዕብ ተሌፎን ዝርከቡ ፍሉይ ስልጠና ዝወሰዱ ሰራሕተኛታት (ኦፊሰራት) ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

**ኣሃዱ ድሕነት ኮም** - 020 7421 0385

ንዝተፈጸመ ዓመጽ ንፖሊስ ክትሕብሩ መሰልኩም እዩ፡ ከምዚ ብምግባርኩም ድማ ንዓኹምን ደቅኹምን ንኽትከላኸሉ ክሕግዝ ይኽእል።

ገበነኛ እንተተኸሲሱ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ክትቀርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ምቕራብ ዝተጨነቕኩም ምስትኾኑ፡ ክድግፉኹም ዝኽእላ ማሕበራት ኣብ ኢስሊንግተን ኣለዋ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ድሕሪት ቦታ ናይዛ ንእሽቶ-ጽሕፍቲ ካብ ዝርከባ ማሕበራት ተወከሱ።

## 4 ዕድላት ኣባይቲ

ሕጊ ኣባይቲ፡ ኣብ መንጎ መጻመድቲ ከምኡውን ኣብ መንጎ ወለድን ኣጓብዝ ቆልዑን ኣብ ዘሎ ዝምድናታት፡ ከምኡ ድማ ኣብ ካልእ ኩነታትን፡ ዘቤታዊ ዓመጽ ኪጋጥም ከምዝኽእል ይሕብር እዩ።

ገለ ካብቲ ንዓኹም ድልዋት ዝኾኑ ዕድላት ድማ፤

### ሓለዋ እናተዋሃበካ ኣብ ገዛ ምንባር ወይ ናብ ገዛ ምምላስ

**ሕጋዊ ሓለዋ** - ነቲ ገበነኛ ካብ ገዛ ንምእላይ ወይ ናባኹም ምትእትታው ንኸይገብር ንምኽልካል፡ ንቤት ፍርዲ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ሕጊ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ክፍሊ 5 - ሕጋዊ መኣረሚታት ዝብል ርኣዩ።

**ካብ ኣካራይኹም ሓገዝ ምርካብ** - ብቤት ምኽሪ ወይ ማሕበር ኣባይቲ ኣብ ዝውነን መንበሪ ገዛ ትነብሩ እንተሊኹም፡ ኣካራይኹም ኣብ ገዛ ብውሕስነት መታን ክትነብሩ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ንዝርዝር ሓበሬታ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ወይ ኦፊሰር (ሰራሕተኛ) ኣባይቲ ተወከሱ።

**መዕቆቢ ገዛ** - እዚ መደብ'ዚ፡ ተወሳኺ ስጉምትታት ውሕስነት፡ ንኣብነት መሸጎር መፍትሕን ሓዊ ዘየቃጽሎ መእከቢ ደብዳቤታትን ብምግባር፡ ኣብ ገዛኹም ንኽትጸንሑ ዕድል ይህበኩም። ነዚ ብቑዓት ንኽትኮኑ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዘቤታዊ ዓመጽ ናይ ግድን ዘጋጠመኩም ክትኮኑ ኣለኩም፤ ቤት ምኽሪ ኢስሊንግተን ድማ እኹል ውሕስነት ብዘይምህላው ገዛኹም ሓዲግክምዎ ክትወጹ ዘገድደኩም ኮይኑ እሞ ኸኣ ብዘይ ገዛ ንኽትኮኑ ክገብረኩም ከምዝኾነ ክኣምን ኣለዎ። ተራ ተኻርያይ፣ ናይ ውሱን ግዜ ተኻራያይ ወይ ወናኒ ገዛ ክትኮኑ የድሊ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ንማእከል ሓገዝ ኣባይቲ ኢስሊንግተን (Islington Housing Aid Centre) ብ020 7527 2000 ተወከሱ።

### ናብ መዕቆቢ ደቀንስትዮ ምኻድ

መዕቆቢታት፡ ካብ ዘቤታዊ ዓመጽ ንዝሃደሙ ደቀንስትዮን ቆልዑን ዝኸውን ግዜያዊ መንበሪ ገዛ ዝህብ ውሑስ ኣባይቲ እዩ። መብዛሕቱ መዕቆቢታት፡ ዕድሚኦም ክሳብ 12 ወይ 14 ዓመታት ንዝኾኑ ኣወዳት ድማ ይቕበላ እየን። ነተን ኣብኡ ዝጸንሓ ደቀንስትዮ ንምክልኻል፡ ኣድራሻታት ናይዘን መዕቆቢታት ብምስጢር ይትሓዛ።

**ን24 ሰዓት ዘገልግል መስመር ሃገራዊ ዘቤታዊ ዓመጽ ብ0808 2000 247 ተወከሱ**

### ብዘይ-ገዛ ከምዝኾንካ ምግላጽ

ቤት ምኽሪ፡ ገምጋም እናካየደ ከሎ ግዚያዊ መንበሪ ገዛ ንኽህበኩም ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎ። ሕጊ ኣባይቲ፡ 'ናብ ዘቤታዊ ዓመጽ ወይ ካልእ ዓይነት ዓመጽ ከምርሕ ተኽእሎ እንተሊዎ፡ እዚ ሰብ'ዚ ኣብቲ መንበሪ ገዛ ንኽሰፍር ቅቡል ኣይኮነን' ይብል እዩ። ዓመጽ ማለት ንኽካየድ ተኽእሎ ዘለዎ ካብ ካልእ ሰብ ዝግበር ዓመጽ ወይ ምፍርራሃት ዓመጽ ማለት እዩ።

**በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ፡**
Islington Housing Aid Centre,
38 Devonia Road, London N1 8UY
Tel: 020 7527 2000.

### ንግዚኡ ምስ ዓርኪ ወይ ዘመድ ምቕማጥ

እዚ ዕድል'ዚ ምቹእ ምኳኑ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ብኸፊል ዝተሞርከሰ እዩ፤

- እቲ ዓርኪ ወይ ዘመድ ክህቦ ዝኽእል ዓቕን ስምዒታውን ተግባራውን ደገፍ
- ቤተሰብ፡ ብመሰረት ዘለዎም ዝምድና ምስኦም ክትጸንሑ ዝያዳ ጸቕጢ ገይረሙልኩም እሞ ኸኣ 'እቲ ሽግር ምስተዝፍታሕ'
- መጻምድትኹም/ገበነኛ ነዞም ኣድራሻታት ብምፍላጥ፡ ንዓኹም ንኽከታተለኩም፣ ንኸፈራርሃኩም ወይ ድማ ንዓኹም ወይ ነቶም እትቕመጥሎም ዘለኹም ሰባት ንኸጥቅዓኩም ተኽእሎ ምስዝህሉ

### መንበሪ ገዛ ብውልቂ ምክራይ ወይ ምዕዳግ

ብውልቂ ንኽትካረዩ ምስትውስኑ፡ ረብሓ ኣባይቲ (housing benefit) ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ማእከል ሓገዝ ኣባይቲ ኢስሊንግተን (Islington Housing Aid Centre)፡ ብዛዕባ ስምምዓት ውዕል ክራይን ሓበሬታ ብዛዕባ ክትፍትንዎም እትኽእሉ ቦታታትን ምኽሪ ክህበኩም ይኽእል እዩ።

ኮይኑ ግን፡ ሓዲሽ ገዛ ንምርካብ ዘሎ መስርሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል ስለዝኾነ፡ ክሳብ ሽዕኡ ግዝያዊ መንበሪ ቦታ ንኽህሉ ከድሊ እዩ።

## 5 ሕጋዊ መአረሚታት

ናብ ቤት ፍርዲ ምኻድ፡ ዘፍርህ ክሽውን ይኽእል እዩ፤ ብዘይ ናይ ዓመጽ ፍርሃት ክትነብሩ መሰል ከምዘለኩም ግን ክትዝክሩ ይግብኣኩም። ቤት ፍርዲ፡ ንመሰላትኩም ክሕሉ ይኽእል እዩ።

### ዝኽልክል ትእዛዝ ቤት ፍርዲ

ዝኽልክል ትእዛዝ ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ትሕቲ Part IV ናይ Family Law Act ዝርከብ ኮይኑ፡ ንዓኹም ውሑሳት ንኽትኮኑ ዝዓለመ እዩ። ንቤት ፍርዲ ዝሽውን ነገር ከተዳልው መታን ክሕግዘኩም፡ ጠበቓ ክትረኽቡ ከድልየኩም እዩ (ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ጠበቓታት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ድሕሪት ተዘርዚረን ካብ ዘለዋ ትካላት ደገፍ ተወከሱ) ወይ ናይ ገዛእ ርእስኹም መመልከቲ ከተዳልው ከድልየኩም እዩ (ኣብ ዝቕጽል ገጽ ዝርከብ ባዕልኻ እትሓቶ ዝኽልክል ትእዛዛት ርኣዩ)። ንዓኹም ክሕልውኹም ዝኽእሉ ክልተ ቀንዲ ዝኽልክሉ ትእዛዛት ቤት ፍርዲ ኣለው፤

**ትእዛዝ ናጻ ካብ ግፉድ ጾታዊ ዓመጽ፥**
እዚ ትእዛዝ፡ ገበነኛ፡ ኣንጻርኩም ወይ ኣንጻር ውሉድኩም ዓመጽ ካብ ምጥቃም ወይ ምፍርራህ ዓመጽ ካብ ምግባር ወይ ድማ ንዓኹም ካብ ምፍርራህ፣ ምጥቃዕ ወይ ምጭናቕ ንምኽልካል ዝዓለመ እዩ። ኣብ ውሽጢ ካብ ገዛኹም ውሱን ርሕቐት ዘለዎ ቦታ ካብ ምምጻእ'ውን ክኽልክሎም ይኽእል እዩ። ዕላማ ናይዚ ትእዛዝ'ዚ፡ ጥዕና፣ ድሕነትን ናብራን ግዳይ ወይ ዝኾኑ ቆልዑ ንምሕላው እዩ።

**ትእዛዝ ሰፈራ፥**
እዚ ትእዛዝ፡ ዋላውን እቲ ቦታ ናይ ሓባር ውዕል ክራይ ይሃልዎ፡ ነቲ ገበነኛ ካብ ገዛ ከምዝርሕቕ ክገብር ዘኽእል እዩ። እቲ ገበነኛ ኣብ ውሽጢ ካብ ገዛኹም ወይ ቤት ትምህርቲ ውሉድኩም ውሱን ርሕቐት ዘለዎ ቦታ፡ ንኣብነት 200 ያርድ፡ ካብ ምምጻእ ክኽልክል ድማ ይኽእል እዩ።

እዞም ትእዛዛት እዚኦም፡ ምስኡ ዝተኣሳሰረ 'ናይ ማእሰርቲ ስልጣን' ኣለዎም። እዚ ማለት ድማ ገበነኛ ብዝኾነ መንገዲ ነዚ ትእዛዝ ምስዝጥሕስ፡ ክቕየድ ዋላውን ኣብ ማእሰርቲ ክዳጎን ይኽእል እዩ።

'ምልክታ ዘይውሃቦ' ትእዛዝ ቤትፍርዲ ክውሃብ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ማለት ገበነኛ፡ ኣቐዲሙ ብዛዕባ ትእዛዝ ቤት-ፍርዲ ኣይክሕበርን ማለት እዩ። እዚኦም ድማ መብዛሕቱ ግዜ ኣብ ህጹጽ ኩነታት የገልግሉ።

ኣብ ገለ እዋናት፡ ገበነኛ፡ ከምዘይዕምጸኩም ንቤት ፍርዲ 'መብጽዓ' ንኽህብ ክሰማማዕ ይኽእል እዩ። መብጽዓ፡ ካብ ዝኽልክል ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ዝውሓደ ሓለዋ ይህብ፤ ክትቅበልዎ ግን ኣይትግደዱን ኢኹም።

**ባዕልኻ እትሓቶ (ዲ.ኣይ.ዋይ) ትእዛዛት ቤት ፍርዲ፤**
ሕጋዊ ሓገዝ ስለዘይምልከተኩም ጠበቓ ክትቖጽሩ ዘይትኽእሉ ምስትኾኑ፡ ዝኽልክል ትእዛዝ ቤት ፍርዲ መታን ክውሃብ ባዕልኹም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ንኽትገብሩ ሓገዝ መታን ክትረኽቡ፡ መሰላት ደቀንስትዮ (Rights of Women)፡ ንመመልከቲ ቅጥዒ ብኸመይ ከምትመልእን ብቐጥታ ድማ ንቤት ፍርዲ ብኸመይ ከምእትመልክትን ዝገልጽ 'Do It Yourself Handbook' ኣዳልየን ኣለዋ።

**ንRights of Women፡ ብ020 7251 6577 ተወከሱ።**

### ካብ Harassment Act 1997 ዝርከብ ሓለዋ

ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለው ወይ ናይ ቀደም መጻምድትኹም፡ 'ብምስጢር ምስዝከታተለኩም' ወይ 'ምስዘጥቅዓኩም'፡ እዚ ሕጊ'ዚ ብፍላይ ጠቓሚ እዩ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጥመኩም ዘሎ ጸገማት ንጠበቓኹም ወይ ሕጋዊ ኣማኻሪኹም ክተዘራርቡ ከድልየኩም እዩ፤ ንሶም ድማ እቲ ዝበለጸ ስጉምቲ ንኽትውስኑ ክሕግዝኹም እዮም።

## 6 ገንዘብ

ብዙሓት ግዳያት፡ ዝምድናታት ብምቁራጾም፡ ምስኡ ምስዝተኣሳሰሩ ፋይናንሳዊ ሳዕቤናት፡ ብፍላይ ኣብ መጻምድቶም ፋይናንሳዊ ጽግዕተኛታት እንተነይሮም፡ ብዛዕብኡ ይጭነቑ እዮም። እዚ ነገር'ዚ፡ ሓገዝ ካብ ምሕታት ደው ከብለኩም ኣይተፍቅድሉ። ዘይትሰርሑ ምስትኾኑ ወይ ትሕት ዝበለ ኣታዊ ምስዝህልወኩም፡ ንክትሓትሎም መሰል ዘለኩም ረብሓታት ኣለው፤ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፤

- ደገፍ ኣታዊ (Income Support)
- ሓገዝ ቆልዑ (Child Benefit)
- ሓገዝ ኣባይቲ (Housing Benefit)
- ለቓሕ ኣብ ግዜ ቅልውላው (Crisis Loan)
- ሓገዛት ክንክን ኮም (Community CAre Grants)
- ለቓሕ ግብሪ ቆልዑ (Children's Tax Credit)
- ደለይቲ ስራሕ (Jobseekers)
- ሓገዝ ግብሪ ቤት ምኽሪ (Council Tax Benefit)
- ለቓሓት ባጀት (Budgeting Loans)

ብዛዕባ ሓገዝ ረብሓታት (benefits) ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ተወከሱ፡

**ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ዜጋታት ብ0870 751 0925**

ወይ ንዌብሳይት ክፍሊ ዕዮን ጡሮታን **www.dwp.gov.uk** ክፈቱ

## 7 ቆልዑ

ቆልዑ፡ ዘቤታዊ ዓመጽ ኪጋጥም ከሎ ብምርኣዮም ይጽለው፡ ምኽኖምን ኣብ ገዛ ንዘጋጥም ነገር እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ድማ ደገፍ ከምዘድልዮምን ምዝካር፡ ኣገዳሲ እዩ። ሳሕቲ ድማ እቶም ቆልዑ ይጉድኡ ወይ ይዕመጹ እዮም። ደቅኹም ካብ ጽልዋታት ዘቤታዊ ዓመጽ ንምሕላው ክሕግዝኹም ዝኽእላ ማሕበራት ኣብ ኢስሊንግተን ኣለዋ።

ብዛዕባ ኣብ ኢስሊንግተን ዝርከቡ ኣገልግሎታት ቆልዑ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ድሕሪት እዛ ንእሽቶ-ጽሕፍቲ ተዘርዚረን ካብ ዘለዋ ማሕበራት ተወከሱ ወይ ኣብዛ ትስዕብ ዌብሳይት ክፈቱ፤

www.islington.gov.uk/childrensdirectory

ዓመጽቲ፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብ ገዛ ብዛዕባ ዘጋጠመ ዓመጽ ንዝኾነ ሰብ እንተነጊርኩም ንደቅኹም ክንወስዶም ኢና ኢሎም የፈራርሁ እዮም። እዚ፡ ኪጋጥም ዝኽእለሉ ዕድል ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ኣገልግሎታት ቆልዑ፡ ንቆልዑ ካብ ሓደጋ እንክላኸለሉ እቲ ዝበለጸ መንገዲ፡ ንቆልዑ ጽቡቕ መታን ንኽገብር ነቲ ዓምጺ ዘይኮነ ወላዲ ወይ ኣላዪ ምድጋፍ ምዃኑ ይፈልጡ እዮም።

ኣብ ድሕነት ደቅኹም ትስከፉ እንተኼንኩም፡ ነዛ ትስዕብ ጉጅለ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም፤

**ጉጅለ ገምጋም ኣገልግሎታት ቆልዑ ኢስሊንግተን**
(Islington Children's Services Assessment Team)
**ብ**020 7527 7400 **ተወከሱ**

ወይ ናብ ኣብያተ-ጽሕፈት ብኣካል ብጽሑ -

292 Essex Road, London, N1 3AZ

ምስቲ ዓማጺኹም ዘለኩም ዝምድና ክትብትኩ ትሓስቡ እንተሊኹም፡ ንውሉድኩም ምሳኹም ክትወስድዎም ፈትኑ (ክፍሊ 2 - ውጥን ድሕነት ርኣዩ)።

ድሮ ሓዲግክምዎ ከይድኩም እንተሊኹም እሞ ኸኣ መጻምድትኹም ንደቅኹም ንኽይጨዊ ትስከፉ እንተሊኹም፡ ክትወስድዎም ዘለውኹም ስጉምታት ኣለው። ሰነዳት ውሉድኩም (ንኣብነት፡ ምስክር ወረቐት ልደት፡ ፓስፖርት ወዘተ) ከምኡውን ትእዛዛት ቤት ፍርዲ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጥዎ። ውሉድኩም ፓስፖርት ምስዘይህልዎ፡ ንቤት ጽሕፈት ፓስፖርት ብምውካስ፡ ብዘይ ፍቓድኩም ቆልዓኩም ናብ ወጻኢ ንኸይውሰድ ቃል-ተቓውሞ ኣእትው። ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ምኽሪ፡ ካብ ጠበቓኹም፣ ሕጋዊ ኣማኻሪኹም ወይ ደገፍ ደቀንስትዮ (Women's Aid) ክርከብ ይከኣል እዩ።

ካብ ዓማጺ መጻምድትኹም ሓንሳእ ምስተፈላለኹም፡ ብዛዕባ ምስ ቆልዓኹም ዝህሉ ርክብ ክጨንቐኩም ይኽእል እዩ። መጻምድትኹም ምስቲ ቆልዓ ርክብ ንኽገብር ምስዝደሊ፡ ሕጋዊ ምኽሪ ብዝቐልጠፈ መንገዲ ክትሓቱ ይግብኣኩም።

ኣብያተ-ፍርዲ፡ ብዛዕባ ምስ ቆልዑ ዝህሉ ርክብ ዝምልከቱ ጉዳያት ኣብ ዝርእያሉ እዋን፡ ሳዕቤን ዘቤታዊ ዓመጽ ኣብ ግምት ክእትዋ ይግብኣን። እዚ ድማ ነቶም ግዳያትን ነቶም ኣብቲ ናይ ርክብ ግርጭት ክቱታት ዝኾኑ ቆልዑን፡ ተወሳኺ ዓመጽ ካብ ምርካብ ንምክልኻል ክሕግዝ ይግብኦ።

ኣብ ሕጊ ዝሰፈሩ ሓያሎ ጉዳያትን ትእዛዛት ቤት ፍርድን ይርከቡ እዮም፤

- **ሓላፍነት ወለዲ** - እዚ ሓላፍነት'ዚ፡ ኩለን ኣዴታት ብኡንብኡ ዝህልወን እዩ። እቶም ነዛ እዚ ሓላፍነት ዘለዋ ሰበይቲ ተመርዕዮም ዝወለድዎም ኩሎም ኣቦታት ከምኡውን ድሕሪ 2003 ናይ ዝተወልደ ቆልዓ ስሙ ኣብ ምስክር ወረቐት ልደት ዝሰፈረ ኣቦን ድማ ምስ ኣደ ማዕረ ዝኾነ ሓላፍነት ወለዲ ኣለዎም።
- **ትእዛዛት መንበሪ** - እዞም ትእዛዛት ድማ ቆልዓ ምስ መን ክነብር ከምዘለዎ ይገልጹ።
- **ትእዛዛት ርክብ** - እዞም ትእዛዛት፡ ኣብ መንጎ ምስኡ ዘይቅመጥ ወላድን ካልኦት ኣገደስቲ ሰባትን (ንኣብነት፡ ኣቦሓጎታት፡ እኖሓጎታትን ኣሕዋትን) ከምኡውን እቲ ቆልዓን ዝህሉ ርክብ ዝገልጹ እዮም። እታ ኣደ፡ ነቲ ዝተኣዘዘ ዝኾነ ዓይነት ርክብ፡ ክትትል ንኽግበረላ ንቤት ፍርዲ ክትሓትት ትኽእል እያ።
- **ክትትል ዝግበረሉ ትእዛዛት ርክብ** - ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ፡ ዝኾነ ርክብ ክትትል ክግበረሉ ከምዘለዎ ይጠልብ።
- **ትእዛዛት ክልኩላት ስጉምትታት** - እቶም ኣብቲ ትእዛዝ ተጠቒሶም ዘለው ኩሎም፡ ኣብቲ ቆልዓ ገለ ስጉምታት፡ ንኣብነት ከም ናብ ወጻኢ ሃገር ምውሳድ ወይ ክትትል ዘይግበረሉ ርክብ ምስ ቆልዓ ምግባር፡ ንኸይገብሩ ዝኽልክል እዩ።

## 8 ጉዳያት ብዙሑነት

ዘቤታዊ ዓመጽ፡ ካብ ኩሉ ዓይነት ድሕረባይታ ንዝለዎም ሰባት ዘጋጥም እዩ።

ኣብ ድሕሪት እዛ ንእሽቶ-ጽሕፍቲ ተዘርዚረን ዘለዋ ትካላት፡ ኢትኒካዊ ድሕረባይታ፣ ጸታውነት፣ ዕድመ ወይ ስንክልና ብዘየገድስ፡ ንኹሎም ሰባት ደገፍ ክህባ ይኽእላ እየን። ንፍሉያት ጉጅለታት ደገፍ ክህባ ዝኽእላ ብዙሓት ማሕበራት ድማ ኣብ ለንደንን መላእ ብሪጣንያን ይርከባ እየን።

ዝርዝር ሓበሬታ ናይዞም ኣገልግሎታት ድማ ኣብዛ እትስዕብ ዌብሳይት ይርከብ፤

www.islington.gov.uk/domesticviolence

ወይ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ካብ ዝርከቡ ቁጽርታት ተሌፎን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ካብ **ማሕበረሰብ ጸሊም ቆርበቶም ወይ ውሁዳን (ማይኖሪቲ) ዓሌት** ዝኾንካ ሰበይቲ ምስትኾኑ፡ ኣብ ዝተፈልየ ባህላዊ ጉዳያት እትሰርሕ ወይ ብናይ ኣደ ቋንቋኹም ኣገልግሎት ክትህብ እትኽእል ማሕበር ንኽትውከሱ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ዘለኩም ኩነታት ኢሚግሬሽን ከምኡውን ነቲ ዓመጽ ዝመልኦ ዝምድና ብምሕዳግኩም ብኸመይ ክጸልወኩም ከምዝኽእልን ሕቶታት ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ቅድሚ ዝኾነ ውሳኔታት ምግባርኩም፡ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ዘለኩም ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትን መሰላትን፡ ሕጋዊ ምኽሪ ክትረኽቡ ይግባእ። ኣብ **መርዓ ብድፍኢት** ክኣቱ ይኽእል እየ ኢልኩም ትፈርሁ እንተኼንኩም፡ ክሕግዛኹም ዝኽእላ ካብ ክፍሊ መንግስታውን ግብረ-ሰናይን ማሕበራት ኣለዋ።

ንኽትውከስዋ ብዝበለጸ ትብዓት ከምዝስምዓኩም ዝገብረኩም ማሕበር፡ ምስቲ ዘለኩም ዕድመ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ሕጂውን፡ **ንኣረጋውያን ወይ መንእሰያት** ደቀንስትዮ ብፍላይ ዝውሃብ ኣገልግሎታት ኣሎ።

ነቶም ኣብ ገዝኦም ዓመጽ ዘጋጥሞም ዘሎ **ኣካላዊ ስንክልና ወይ ናይ ምምሃር ጸገማት** ዘለዎም ሰባት ዝውሃብ ፍሉይ ዝኾነ ኣገልግሎታት ኣሎ።

**ግብረ-ሰዶማውያን፣ ድርብ-ጾታውነት (Bisexual)** ከምኡውን **ዘይምዕሩይ-ጾታውነት (Transgender)** ዘለወን ደቀንስትዮ፡ ብመንገዲ ሓገዝ ደቀንስትዮ (Women's Aid) ከምኡውን ካልኦት ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን፡ ከምቲ ሕውስዋስ ጾታውነት (heterosexual) ዘለወን ደቀንስትዮ ዝውሃብ ሓደ ዓይነት ኣገልግሎታት ክረኽባ ይኽእላ እየን። ብፍላይ ንግብረ-ሰዶማዊት፣ ግብረ-ሰዶማዊ፣ ድርብ-ጾታውነት (Bisexual) ከምኡውን ግምጡል-ጾታውነት (Transgender) ዘለዎም ሰባት ኣገልግሎት ዝህባ ማሕበራት ክትውከሱ ድሌት ምስዝህልወኩም፡ ንBroken Rainbow ተወከሱ።

ግዳያት ዘቤታዊ ዓመጽ ዝኾኑ **ደቀተባዕትዮ**፡ ሓገዝን ሓበሬታን ንምርካብ ንደገፍ ግዳያት ኢስሊንግተን (Islington Victim Support) ክውከሱ ይኽእሉ እዮም። ዋላውን Broken Rainbow ንግብረ-ሶደማውያንን ድርብ-ጾታውነት (bi-sexual) ዘለዎም ደቀተባዕትዮን ደገፍ ዝህብ እንተኾነ፡ ናብ መስመር Male helpline እውን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

‘ሰብኣየይ፡ ኣብ መወዳእታ ክጐድኣኒ መሪጹ፡ ኣብ ገጸይ ክጸፍዓኒ ከሎ ኢዱ ክሕዞ ኣይከኣልኩን፡ ብዝኾነ ግን ፈጺምዎ። እቶም ገበነኛታት፡ ነቲ ምርጫ ይወስድዎ።’

ካብ Women's Aid: ‘Womenspeak’